# መግለጺ ሚኒስትሪ ጉዳይ ወጻኢ ኤርትራ

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፣ ገለ ማዕከናት ዜና ብዚንበብ፣ ዚርአን ዚስማዕን ማዕከናት ዜና፣ ሰበ-ስልጣን የመን ዝሃብዎ መግለጺን ካልእ ዝተፈብረኸ ጸብጻባትን እናጠቐሳ፣ ዕጡቓት ሑትዪን ብመገዲ ኤርትራ ካብ ኢራን ደገፍ ከምዝረኽቡ ኣምሲለን ኪገልጻ ቀንየን። ኤርትራ፣ ነዚ ብምድግጋም ኣእዛን ዘሰልከየ፣ እንሓንሳብ "ኣብ ኤርትራ መደበራት እስራኤል ኣሎ" ካልእ ግዜ ድማ "መደበራት ኢራን ኣሎ" እናተባህለ ዝናፈስ ቅንጣብ ሓቂ ዘይብሉ ወረታት ብዕቱብ ክትከታተሎ ጸኒሓ እያ። እዚ ሕጂ፣ ሓድሽ ቃና ሒዙ ዝድገም ዘሎ ኣረጊት ናስትሮ ከኣ፣ ምንጨን መንነት ዘርጋሕቱን ኣጸቢቑ ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ፣ "ከኢላታት"ን "ሓለፍት"ን ዝበሃሉ'ውን፣ እንተስ ብግርህና እንተስ ብፍላጥ ከደጋግምዎ ስለዝስምዑ፣ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃገረ ኤርትራ፣ ሓቂ ንምብራህ፣ እዚ ዚስዕብ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ምዕባለታት የመን ዜነጽር መግለጺ ይህብ፦

1. ኤርትራ፣ ኩነታት የመን ኣብዚ ደረጃ'ዚ ምውዳቑ ኣዝዩ የሕዝና። ናብ'ዚ ዘምርሐ ጠንቅታት ተኣልዩ ድማ፣ ኣብ የመን ሰላምን ርግኣትን ክሰፍን ትምነን ትድግፍን፤

2. ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን ኣሕዋት ህዝብታት ክልቲአን ሃገራትን ዘሎ ታሪኻውን ካልእን ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው፣ ሰላምን ጸጥታን የመን ልዕሊ ዝኾነት ትኹን ሃገር ንኤርትራ የገድሳ፤

3. ኤርትራ፣ ልዕሊ ኩሉ ሓድነት መሬትን ህዝብን የመን ትድግፍ፤ ንቕዋማዊ ሕጋዊ መሪሕነቱ ጥራይ ድማ ኣፍልጦ ትህብን ትቕበልን፤

4. ንህላወ ኢራን፣ ሑትዪን፣ እስራኤል ኮነ ካልእ ግዳማዊ ሓይሊ ኣብ ማያዊ ይኹን መሬታዊ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ኣመልኪቱ ብተደጋጋሚ ክጋዋሕ ዝጸንሐ ወረን መግለጺታትን፣ ጭብጢ ዘይብሉ፣ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ጸለመ ምዃኑ ተረጋግጽ፣

5. ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን፣ "ገለ ሰበ-ስልጣን የመን ሂቦምዎ" ዝተባህለ መግለጺታት፣ ኣካል ናይቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝቐንዐ - ብቐንዱ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ዓረባዊ ዓለም ንምድዋን ዝዓለመ - ዘንቀደ ስለያዊ ዘመተ ከምዝኾነ ተረጋግጽን ትነጽጎን፣

6. ሓያሎ መርበባት ሓበሬታ፣ ጋዜጣታትን ጸሓፍትን፣ ነዚ መሰረት ዘይብሉ ጠቐነ ከም ክውን ሓቂ ኣምሲሎም ከቃልሕዎን ትንታነታት ክህብሉን እንከለዉ፣ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ኣካል ንዓረባዊ ኣንባቢን ተኸታታልን ከምዝጸሉ ትግንዘብ፣

7. ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ንፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሪፓብሊክ የመን ኣብ ኣስመራ ጸዊዑ፣ ብዛዕባ'ቲ ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን ሰበ-ስልጣን የመን ሂቦሞ ዝተባህለ መግለጺታት መብርሂ ክህብ ኣብ

ዝሓተተሉ፣ እቲ የመናዊ ዲፕሎማሰኛ፣ “ተዋሂቡ” ዝተባህለ መግለጺታት ሓቅነት ከምዘይብሉ ብምሕባር፣ ንምርግጋጹ ናብ ኤምባሲኦም ዝደወለ ወይ ዝተወከሰ ከምዘየለ’ዩ ኣነጺሩ፣

8. ኤርትራ፣ ደሴታታ፣ ወደባታን መሬታን ንክራይ ኮነ መሸጣ ዘይተፍቅድ ሃገር’ያ። ኣብዚ ዞባ፣ ናጽነታ ካብ ዝኣወጀትሉ ዕለት ጀሚራ ባባታ ንግዳማዊ ምትእትታውን መደበራትን ዘየፍቀደት ሃገር እንተላ ኤርትራ ጥራይ ምዃና ድማ ደጊማ ተነጽር።

9. ኤርትራ ኣብ ፖሊሲ ኪዳናት ኣይትኣምንን፣ ስለዚ ድማ ኣይትጽንበሮን - ኣይትድግፎን’ውን። በዚ ምኽንያት ኣብ ዝኾነ ይኹን ተመሳሳሊ ምትእኽኻባት ኣባልነት ከምዘይብላ ደጊማ ተረጋግጽ፣

10. ኤርትራ፣ ነዚ እናሻዕ ዝገማዳሕ ዘሎ ሓቅነት ዘይብሉ ወረ ብኣካል መጺኡ ከረጋግጽ ንዝደሊ ማዕከን ዜና ዓረብ መዓጹኣ ርሕው ከምዝኾነ ተረጋግጽ። እቲ እንኮ ክግበር ዘለዎ፣ ናብ ዝቐረበ ኤምባሲ ኤርትራ ብምኻድ ቪዛ ምሕታት ጥራይ ምዃኑ ድማ ትሕብር።

11. ኤርትራ፣ ካብተን ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝዳወባ ካልኦት ሃገራት እቲ ዝነውሐ ገማግም እትውንን ሃገር ብምዃና፣ መርገጺኣ ኣብ ጸጥታ’ቲ ዞባ ዝንቕንቕ ኣይኮነን። ኣገዳስነቱ ንዞባናን ዓለምን ጉሉሕን ርዱእን ስለዝኾነ ድማ፣ ብዛዕባ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፣ ንጹር ሓባራዊ ራእይ ንኽህሉ፣ ምስ ኩለን መዳውብታ ሃገራት ቀጻሊ ምምኽኻር ክትገብር ምጽናሓን ከምእትቕጽሎን ደጊማ ተነጽር።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ 31 መጋቢት 2015 ኣስመራ።